# ኣስተምህሮ፡ መትከላት ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናትን ውዳቤ ንመኸተኡን

# ብሚስተር ሚቸል ኮሎን



ካብ ቅርዓት ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንድናቪያ 2015
09 .08. 2015

ኣብዚ እዋን፡ ኲናት፡ ቦምብ ብምትኳስ ዘይኮነ፡ ሓሶት ብምቕዳም ይካየድ ከም ዘሎ። ስለ ምንታይ'የን ዓበይትን ሓያላትን ሃገራት ምስ'ዛ ብኲለንትንኣ ንእሽቶ ዝኾነት ኤርትራ፡ ዝተፋነና ዘለዋ? ምኽንያቱ፡ ብዘይ ሓገዝ ዓለማዊ ባንክ፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን ካልኦት ትካላት ረዲኤትን ርእሳ ክኢላ ትዓቢ ስለ ዘላ። ጋዜጠኛታት ምዕራብ፡ ክወቕሱኻ'ምበር፡ ክትወቕሶም ከም ዘይቅበልዎን ንዕኦም ጸኒዕካ ምቅላሶምን ሓሶታቶም ኣብ ምቅላዕን ንዓታቶም ዝወቕሱን ዘቃልዑን መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ኣገዳስን ኣብ መኸተ ንተጻብኦታት ሓጋዚ ምዃኑን ተገሊጹ።

Michel Kolenግዱስ ጋዜጠኛን ጸሓፍን እዩ። ብፍላይ ኣብ ህዝብታት ዝወርዱ በደላት፡ ሕር-ሕራይ ጌሮም ስለ ዘስቆርቊርዎ፡ ኣብኦም ኣተኲሩ ኪጽሕፍ ይግደድ። ሚስተር ሚቸል ኮሎን ይበሃል። ንሓቅን ፍትሕን ዝጠባቕ፡ ሓደ ካብ ሓለይቲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ከላሊ ዝጽዕር ቤልጂማዊ እዩ። ንሱ፡ ኤርትራ ንዝተፈላለዩ ተጻባኦታት ትብድህ ምህላዋ ዝተገንዘበ፡ ብምሉእ ልቡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝሕለቕ እዩ። ሚቸል ኮሎን፡ ንኤርትራ ኣተኲሮም ኣብ ዝካየዱ ዛዕባታት ብምስታፍ፡ ደገፉ፡ ርእይታኡን ምኽሩን ዝልግስ ኮይኑ፡ ኣብቲ ብ22 ሰነ 2015 ኣብ ጀኔቫ ንክሲ "ሰብኣዊ መሰል" ዝኹንን ሰላማዊ ሰልፊ ብኣካል ተሳቲፉ፣ ደገፉ ገሊጹ። ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገራት ስካንድናቪያ 2015 ንምስታፍ፡ ናብ ስቶክሆልም ብምምጻእ፡ ኣብ ኣዳራሽ ላዳን፡ "መትከላት ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናትን ውዳቤ ንመኸተኡን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ንህዝቢ ሰፊሕ ኣስተምህሮኣዊ ሰሚናር ኣካይዱ ነይሩ። ጽሟቕ ትዝሕታኡ፡ ነዚ ዝስዕብ ይመስል።

ሚስተር ሚሸል ኮሎን፡ ንጽሑፋቱን መደርኡን፡ ብጭብጥታት ኣሰንዩ'ዩ ኣቕሪብዎም። ንሱ፡ ሓያላን ሃገራት ብፍላይ ኣመሪካ፡ ነቲ ተኣፋፍን ኲርናዕ ስትራተጂ ኣፍሪቃን ኤስያን ዝኾነ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቊጽጻር፡ ንኢትዮጵያ ከም ከዳሚት (በጃ) ብምቊጻር፡ ብጽዑቕ ይሰርሓሉ ምህላወን ኣብሪሁ። ኣመሪካ እትመርሐን ሓያላት ሃገራት፡ ኣብ ሃገራት መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ (ግዚያዊ ምሕብሓብ 'ተዘይኮይኑ፡ ዋላ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ)፡ ኣብ ምቕያር መንግስትን ምግባት ሃገራዊ ሃብትን ጥራይ'ምበር (Economical Interest) ግዳሰ ህዝበን ከም ዘይብለን ኣብ ቀዳማይ ረብሓአን ጥራይ ከም ዘተኲራ ኣብነታት ብምቕራብ ኣረዲኡ።

"ሎሚ፡ ቃታ ኲናት ሜዲያ እዩ፡ (Media is the beginning of War)" ዝበለ ሚሸል ኮሎን፡ መጀመርያ ደይ መደይ ኢለን፡ እትጥቃ ሃገር ከም ዝሓጽያ ብምሕባር፡ ቀጺለን፡ ባዕለን ብዝኣለምኦም ጠቐነታት፡ ኣብታ ሃገር ሽግር ከም ዘሎ ኣምሲለን ብዝምውልአን ሜዲያታት ኣቢለን ብጽዑቕ፡ ምቅላሕን ምጕስጓስን፣ እታ ሃገር ንጽህቲ ክነሳ፡ ብስምስ "ግብረ ሽበራ Terrorist"፡ ምኽሳስን ምውንጃልን ከም ዝጅምራ ይጠቅስ። ዕላምአን ንምውቃዕ ድማ፥

1) ብሃይማኖት፡ ዓሌት፡ ቁጠባን ካልእን ብምምስማስ፡ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ህዝብን መንግስትን፡ ህዝቢ ኣብ ነንሓድሕዱ ከም ዝጠቓቕንን ከም ዝጻላእን ወፍሪታት ምክያድ፣

2) ንሒደትን ዝጠፈሹን ጋዜጠኛታት ብገንዘብ ኣስድዒካ፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት'ታ ሃገር ዝፍነዉ ማዕከን ዜናን ሓበሬታን (ሜዲያ) ምምስራትን ምምዋልን፣ ብስእሊ ዝተሰንዐ ሓሶታት ምዝርጋሕ፣ ንህዝብን መንግስትን ዘነውሩ ዘይ ስነ-ምግባራውያን ጠባያት ከም ዝቃልሑ ኣብ ምግባር ብጽዑቅ ምስራሕ፣

3) ዋጋታት መግቢ ከም ዝንህርን ከም ዘይህሉን ጌርካ፡ ነቲ "ተወጺዐ" ዝበለ ህዝቢ፡ ከም ኣደ-ፍትሒ ኮይንካ ምቕራብ፣ ናብ ረብሓኣን ንምውዓል ድማ፡ ህዝቢ ንመንግስቱ ከም ዝቋወምን ካብኡ ከም ዝሃድምን ምኹስኳስ፣ ንኣብነት ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰላ ህዝቢ ዝዕቆበለን ሃገራት ከም ትሕጃ ምሓዝን ናብኣን ከም ዝውሕዝን ምግባር፣ (ስደት ከም ዝስስን ምግባር)

4) ምስ መሓዛኻን መሻርኽትኻን ዝኾነት ሃገር፡ ምኽንያት ብዘይብሎምን ብክልተኣዊ ዝምድና ክፍትሑ ዝግብኦምን ነኣሽቱ ሽግራት ምብኣስን፡ እታ ሓንቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ሓንቲ ብሜዲያ ከም ዝጠቓቕና ምግባርን ጉዳየን ኣብ ክንዲ ምዕራፍ፡ ጽልኣን ኣብ ምኹህሃሩን ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ተፋጢጠን ከም ዝነብራ ኣብ ምግባረን ምስራሕ፣

5) ጥምየት፡ ህልቂትን ኲናትን ብምምስማስን ምምሃዝን፡ ኣብ ምዝባዕ ቁጠባ፡ ሜዲያ፡ ፖለቲካውን ስለያውን ጎስጓስ ዝሰርሑ ምልኣኽ፣ ንሶም፡ ኣብ ምሕጋዝ ህዝቢ ዝተዋፈሩ ሃብታማት ውልቀ ሰባት ኣምሲልካ ምእማን፣ ስሞም ብሜዲያ ምቅላሕን ተፈለጥቲ ምግባሮምን፣ ብተመሳሳሊ፡ ንዘይመንግስታውያን ትካላት ረዲኤትን (NGO) እውን ብከምኡ ብምእታው፡ ኣብ ክንዲ ብጥምየት ምዝራብ፡ ጥምየትን ቅትለትን ኣብ ምንህሃር ምውፋር፣

ዝኣመሳሰሉ ሓቅታት ብምጥቃስ፡ በዞም ዝተጠቕሱ ኣቢለን፡ ድሌታተን ኣብ ምትግባር ከም ዝዋፈራ ይጠቅስ። ብፍላይ ኣብ'ተን ዘይማዕበላ ዝበሃላ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤስያን ላቲን ኣመሪካን ኣብ ምዝርጋሕን ምምዋልን ሜዲያ፡ ገዚፍ ወጻኢታት ብምስላዕ፡ ንመውቅዒ ተልእኾኣን ካብ ዝሰርሓሉ ሓደ ግኑይ ሜልኣን ምዃኑ ኣቃሊዑ። ኣተኣሳሲሩ፡ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ነዚ ተገንዚቡ፡ ኣተኩርኡ ብምስፋሕ፡ ሓድነቱ ከጽንዕን ንጉዳይ ሃገሩ ዝፈታተኑ ሸርሒታት ኪከታተልን ኪብድህ ከም ዝግባእን ኣዘኻኺሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚሸል ኮሎን፡ ንፍሉጣት ተወለድቲ'ታ ከትጥቃዕ ዝተሓጽየት ሃገር ብፍሉይ ግንዖ ምስዳዖምን ንሓደስቲ ወለዶ መንእሰያታ ብምዕራባዊ ኣተሓሳስባ ንምብራዝን ሃገራውነቶም ንምህሳስን ገንዘብ ሂብካ ኣብ ቁጽጽረን ንምእታው ከም ዝዋፈሩ ኣብ ምግባር ምንጥጣፍ፣ ዝተምበርከኹን ማሕላኦም ዝጠልሙን መንእሰያት፡ ብትሕቲ ሃገራውነት ድሕሪ ምስልጣን፡ "ምቕያር ወይ ምዕላው መንግስቲ (How To Change Regime) ንዝብል ሸርሒ ምትግባር። ነዚ ክውን ኣብ ምግባር፡ ነቲ ምምልማል ሓደስቲ ከድዓትን ብገንዘብ ምግጋይን (How To Buy New Corrupted Men) ዝብል ውጥን ኣብ ምትግባር ይነጥፋን የበራትዓን ምህላወን፡ ንኤርትራ ከም ኣብነት ብምጥቃስ፡ ብብዙሕ ኣብነታት ኣብሪሁ።

ዘይ ከም፡ ኣብ 1ይን 2ይን ኲናት ዓለም ዝተራእየ ወተሃደር ምስ ወተሃደር ብብረት ምውጋእ፡ ዓለምና ሎሚ ኣብ ዘመነ ኲናት ሜዲያ ተጸሚዳ ምህላዋ ዝሓበረ ሚሸል ኮሎን፡ እዚ እዋን ብመገዲ ኢንተርነት (Internet) ኣቢሉ፡ ወፍሪ ኣንጻር ዘይሰማማዓኻን ዘይምምብርከኻልካን ሃገራት ገኒኑ ምህላዉ ኣብሪሁ። ከም ኣብነት፡ ዋላ'ኳ በዳህቲ ሽግራት የስዕቡ፡ ብመኸተ ህዝባን መንግስታን ዝመኸኑን ዝምከቱን ዘለዉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ብግሉጽን ሕቡእን ዝተተግበሩ ከም፥ ማዕቀብ፡ ሕልኮ ኢኮኖሚን ዝቕባበን ጸቕጥታት ገይረን እየን። ሚሸል ኮሎን ብድሕር'ዚ፡ "ስለዚ" ይብል'ሞ፡ "ሎሚ፡ ሓበሬታ ቀንዲ መሳርሒ ኲናት ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ነዚኣቶም ኣብ ምብዳህ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ንሓያላን ዝሰዓረ ተመክሮ ቃልሱ፡ ምርኩስ ብምግባር፡ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ፡ ሓድነቱ ከትርር፣ ደገፍቲ መሓዙት (ውልቀ ሰባት፡ ውድባትን ሃገራትን) ኣብ ምጥራይ ኪጽዕር፣ መንእሰያት ብዛዕባ ሃገሮም ከም ዝግደሱ ምግባርን ነቶም ዝሕንግዱ ናብ ልቦም ኣብ ምምላስን ናብ ዛዕባ ሃገሮም ትኩራት ከም ዝኾኑ ኣብ ምግባሮምን ምህናጾምን ብቐዳምነት ኪሰርሓሉ ከም ዝግባእ ጸዊዑን ምዒዱን።

ምስዚ ብምትእስሳር፡ "ኤርትራውያን፡ ነቶም ብኣመሪካ ዝካየዱኹም፡ 'ምምብርካኽን ምርማስን' ዝተልእኾኦም ወፍሪታት ኣብ ምብዳህ፡ ስትራተጂካዊ መኸተ ኪትክተሉን ከተማዕብሉን ኣለኩም" ብምባል፡ ንተሳተፍቲ ሰሚናርን መላእ ህዝብን እዋናዊ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ኣስዒቡ ናብ ኤርትራውያን ብምትኳር፡ "ኤርትራውያን ምስ'ዚ ኩሉ ጅግንነትኩም፡ ነቶም ብዛዕባ ኤርትራ ኣብ ጋዜጣ ዝወጹ ጽሑፋትን ብሬድዮ ዝቃልሑን መልሲ ኣብ ምሃብ ድኽመት ኣልኩም" ክብል ድሕሪ ምንቃፍ፡ ኩሉ ኤርትራዊ'የ

ዝብል ግዱስ፡ ሱር በተኸ ለውጢ ንምምጻእ ”ነቲ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ፡ ጌጋ’ዩ፣ እቲ ሓቂ እዚ’ዩ ኢልኩም፡ ህጹጽ መልሰ-ግብሪ ኣብ ምሃብን መእረምታ ኪግበረሉ ምሕባርን ሓላፍነት ኣለኩም፣ ነቲ ሓቂ’ውን መርምርዎ” ብምባል፡ ነተን ኣብ ልዕሊኡ ጸለመታት ዘካይዳ ሜዲያታት ምክትታልን ብድሕሬኣን መን ምህላዉ ምምርማርን፡ ብፍላይ ንምሁራት ዘትኮረ እዋናዊ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ። ንሱ ብተወሳኺ፡ ሓደ ካብቲ ዘደንጽው ኢሉ ዝጠቐሶም፡ ”ጋዜጠኛታት ምዕራብ፡ ክወቕሱኻ’ምበር፡ ክትወቕሶም ኣይቅበልዎን እዮም” ድሕሪ ምባል፡ ንዕኦም ጸኒዕካ ምቅላሶምን ሓሶታቶም ምቅላዕን፣ ንዓታቶም ዝወቕሱን ዘቃልዑን መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ኣገዳስን ኣብ መኸተ ንተጻብኦታት ሓጋዚ ምዃኑን ኣገንዚቡ።

”ሎሚ፡ ብምትኳስን ምፍንጃርን ቦምብ ዘይኮነ፡ ሓሶት ብምንዛሕ’ዩ ኲናት ዝጅምር፡ (War Does Not Start With Bomb, But With Lies) ክብል ዝጠቐሰ ሚሸል ኮሎን፡ ስነ-ሓሳብ ህዝቢ ብምምዝማዝ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ሜዲያታትን ኲናትን ኣመሪካ ማኣዝኖም ንምስሓትን ምቕያርን ሓሶት ምንዛሕ ከም ወፍሪ ተተሓሒዘሞ ብምህላዎም፡ ህዝቢ ንኲናት ስነ-ኣእምሮ ኣብ ምስዓር ዝሕግዝዎ ንቕሓትን መረዳእታን ከዕብይን ሓድ-ሕዱ ክመላላእን ኣተሓሳሲቡ።

ቤልጂማዊ ጋዜጠኛን ጸሓፍን ሚሸል ኮሎን ኣብ መወዳእታ፡ ዓበይትን ሓያላትን ሃገራት፡ ምስ’ዛ ብኲለንትንኣ ንእሽቶ ዝኾነት ኤርትራ፡ ስለ ምንታይ ይተፋነና ምህላወን ብምሕታት፡ ባዕሉ መሊሱ። ንሱ፡ ኤርትራ፡ ብዘይ ሓገዝ ዓለማዊ ባንክ፡ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብን ካልኦት ትካላት ረዲኤትን፡ ርእሳ ክኢላ፡ ብርእሰ ምርኮሳ ትዓቢ ምህላዋ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዝን እቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ፡ ፖሊስ፡ ወተሃደርን መንግስትን ኤርትራ ተመላሊኡ ዝኸይድ ምክብባርን ሃገራውነትን’ምበር፡ ዝኾነ ዝፈላሊ ፈቓቕ ዘየለ ምዃኑ’ውን፡ ካብ’ቶም ንተጻባእቲ ኤርትራ ቀንዲ ሕማም ርእሲ ኮይኖሞም ዘለዉ ብድሆታት ከም ዝኾኑ ሓቢሩ። ነዞም ዘይንደሉ ጽንዓተ-ክብርታት፡ ዋርሳ ሓዋሩ ኮይኖም ብወለዶታት ክቕጽሉ፡ እቶም ናጽነት ዘጓናጸፍዎን ሃገር ዘውሓስዎን ዝተቓለሰሎም ክብርታቱ ኣብ ምዕቃብን ምሕላውን ኣበርቲዑ ኪቃለስ ብምዝኽኻር፡ ንተሳተፍቲ ፌስቲቫል ዝማረኸን ሓባራዊ መረዳእታ ዘውሃበን ሰሚናር ዛዚሙ።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቶም ኣብ ፌስቲቫል ዝተኻየዱ ኣስተምህሮታትን ሰሚናራትን ዝወደቡ ኣባላት ሓይሊ ዕማም እናሞገስና፡ ከም እዚኣቶም ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ንጥፈታት ህዝብን ንመኸተ ተጻብኦታትን ዓቢ ትምህርቲ ዘለዎም ኣኼባታት ኣብ ምውዳብ ብቐጻሊ ኪሰርሑ ነዘኻኽር። እቲ ምንታይ፡ እንታይ ተባህለ ካብ ምባል፡ ማኣዝንካ ኣብ ምስትኽኻልን ምስጣምን ዝድርዑ፡ ክውንን ህልዉን ኲነታት ኣብ ምፍላጥን ምምማይን ዝሕግዙ ስለ ዝኾኑ።

bereina estifብርዕና ዜናን ሓበሬታን

ስቶክሆልም